## ኣናብስ ዲ.ሲ. ደሃይኩምን ገጽኩምን ኣይሰኣን

**ብሃይለ መንገሻ / ቶሮንቶ፥ ካናዳ**
haileokbe@yahoo.com
phone 416 - 858 9305

---

**እዚ ጽሑፍ ብዘይካ ኣብ *መስከረም , ነት* ኣብ ዝኾነ ካልእ ናይ ኢንተርነት ዓውዲ ከምዘለዎ፥ 100% ኣርባዕተ ገጻት ብዘይምንካይ፥ ክዝርጋሕ ወይ ክራባሕ ከምዝኽእል ደራሲ ምሉእ ፍቓድ ይህብ።**

---

ክቡራን ብጾት ረዘን ሃብተን፥ ቢንያም ፍጹምን ከመይ'ልኩም ቀኒኹም። ማሕረ ኝኽትህልዉ ብዕምቀት ይምነየልኩም።

ብዛዕባ ኣመት መሪር ሃገራዊ ቃልስታትኩምን ኣብ ከባቢ ዲ.ሲ. ተካይድዎ ዘለኹም ናይ ሞትን ሕየትን ምትሕንናቕ ምስቲ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብሓደ ወገን ምስቶም ወራዙት ተበለጽትን ተምበርከኽትን ኣካላት ናይ ደምበ ተቓውሞና በቲ ካልእ ወገን፥ ኣብ መርበብ *ኤሪትሪያና , ኮም* ክከታተሎ ጸኒሐ ኣለኹ።

ከምኡ'ውን *መስከረም , ነት* ንመንፈስን ንያትን ደምበ ተቓውሞና ሓሸውሸው ዘብል ሚድያዊ ፖሊሲ ካብ ዝኽተል ነዊሕ ግዜ ኮይኑ ከምዝጸንሐ ተዓዚበ። መስከረም ካብቲ ዝጸንሐ፥ ንዓናን ንመስመርናን ናይ ምድብዛዝ ድጉል እኩይ ተግባር ሓሊፉ ንከም በዓል ከማኻትኩምን ካልኦት ሓርበኛታት ተቓለስትን ብፍኑው ሚድያዊ መጥቃዕቲ ናይ ምክያድ ደረጃ በጺሑ ይርከብ ኣሎ።

ዎ ረዘነ ዎ ቢንያም፥ ኣብዚ ምስ መስከረም ተካይድዎ ዘለኹም ምትሕንናቕ ኣነ ብዓ ቕመይን ብኒሒይን ምሳኻትኩም ደው ኢለ ክምክት ምዃነይ ቃል ይኣትወልኩም። ኣብ ጎድንኹም፥ ሰበ - ሕጹብ መዓናጡ ደው እንተዘይበሉኩስ፥ ኣብ ጎድኒ መን? ከምቲ ዝበልኩሞ ከኣ ብልዑላውነት ተወራዚዮም ኮነ እከለባ ዓብደላባ እናበሉ ኢድ ከዋጣውጡ እንተቐጺሎም ኣጻብዕቶም ምኽላእ ጥራይ ዘይኮነ ኣምዕቶም'ውን ብዘሎ ከምዝውጽእ ምግባር ከምዘሎ ክፈልጡ ይግባእ።

መስከረም ከኣ ኢሳያስ ኣየር ላይነር ገዚኡለይ ወይ ክሩዝ ላይነር መጢቑለይ ኢሎም ካብ *ሻዕብየት , ኮም* ተለቒሖም ሚድያዊ ፕሮፓጋንዳ ከምጽኡለይ እንተኾይኖም፥ ናቶም ግላዊ መሰል ኢዩ። ዝኽልክሎም ከኣ የለን ግን ንሕጹበይ ቢንያም፥ ንሕጹበይ ረዘነ ወይ ነኣይ ወይ ኻኺዳን መሲልካ ኣይኮንካን።

ካልእ ንጠመታተይ ኣዚዩ ዝሰሓበ ፍጻመታት እቲ ኣብ *ደቀባት , ኮም* ዝወጽእ ዘሎ ጽሑፋት ኢዩ። ናይ ኣብርሃም የውሃንስ ተኻታተልቲ ጽሑፋት ብጽሞና ክከታተሎ ጸኒሐ። ናይ ኣብርሃም ሰንሰለታዊ ጽሑፍ ብታሪኻዊ ምዝኖ ብመጠኑ ሒደትን ሕለፍ ሕለፍ ዝበለ ታሪኻዊ ሓበሬታታት ዝሓዘለ ጽሑፍ ኢዩ።

ካብቲ ሓበሬታታት ከኣ ብዙሕ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ክፈልጥ ክኢለ ኢየ። እዚ እቲ ኣብኡ ዘሎ ቁምነገር ኢዩ። ብኣንጻር ናይዚ ከኣ ነዞም ምሳና ዘለዉ እስላም ዝኾኑ ኣባላት መሪሕነታት ብኸቢድ ኝኹሎም ምጥቃንን "ጂሃዳውያን" እናበልካ ምውንጃልን ፍጹም ጌጋ ኢዩ። ነቲ ኪዳን ከኣ ናውቲ ናይዞም ጂሃድ እናበልካ ምኹናን። ጅብሃ ከኣ ኣድሓርሓሪ መሪሕነት ወይ ውድብ እናበልካ ነቲ ዝነበረ ታሪኽ ከምዝረስሕ ምግባር።

ኣብርሃም፥ ኣቶ ዓብደላ ኢድሪስ ወይ ኣቶ ኣሕመድ ናስር ኣብዝን ኣብዝን ጉድለት ወይ ወንጀል ፈጺምኩም ኢሉ ክሓትት ወይ ሓላፍነት ከሰክም ውልቃዊ መሰል

ኣለዎ። ጃምላዊ ብዝኾነ ደረጃ ወሰን ኢልካ ኸኹሎም እስላም መራሕቲ ብምህራምን ግን ኣይኮነን። ንሳቶም ዝገበርዎም ብዙሓት ኣዎንታዊ ነገራት ከ የለዉን ድዮም? ኣብርሃም፡ ናይ ኣራሞ ምንቅስቓስ ከተባብዕ እንተኾይኑ ብጃምላዊ ተጻብኦ ኣብ ልዕሊ እስላም ዝመልኦ ጽሑፍ ብምጥቃም ዘይኮነስ ብርጥብ ዝበለን ብትሕትናን ብፍትሓዊ መንገድን ኢዩ።

ካልእ ኣብርሃም ዝተንከፎም ክርስቲያናዊ ወገናት'ውን ኣለዉ። ነቶም ምስቶም እስላም ዝተጸግዑ ክርስትያን ከይተረፈ ለክማቸው፡ ንየኣም'ውን ኣርማግ ምንሻው ውራየይ ኢሉ ሒዝዎ ይርከብ። ኣነ ከም ሃይለ መጠን ንኣብነት፡ ንኣቶ ዓብደላ ኢድሪስ እንተስ በተዓጥቓ ክፉኡ፡ እንተስ ብወረ ብዝተባህለኒ ናይ ጥንቲ ሓርበኛነቱ ወይ ሕጂ ብዘለዎ ክቱር ቂምታ ምስ ኢሳያስ ሕሱም ተመሲጠ ንኣቶ ዓብደላ ከም ባርያ ከገልግሎን ሳርያነይ ደርብየ ጀልብያ ተኸዲነ ከም ጎይታይ ርእሰይ ከድንነሉን ተሰካም ናቱ ደልምን ኣብሪቕን ኸኸውን እንተወሰንኩ'ውን ደሞክራሲያዊ መሰለይ ዝሃበኒ ናተይ ናይ ውቃበ ዕግበት'ዶ ኣይኮነን? ንብዓል ዶክተር የውሃንስ ወይ ወይ ዶክተር በየነ ወይ ካልኦት መሳርሒ ወይ መሳፍንቲ ኢልካ ምንሻው'ሲ ደሞክራሲያዊ መሰላቶም ምንፋግ'ዶ ኣይኮነን። ምንሻው ንባዕሉ ግዕዙይ ባህሊ ኢዩ። ኣብርሃም፡ እዞም ሰባት ብትምህርቲ'ውን መሳቱኻ ኣይመስለንን። መምስ መሳቱና ምዝራብ ንባዕሉ ትሕትና ኢዩ።

ካልእ እቲ ብኣቶ ኣስመሮም በርሀ፡ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ባይቶ ዝወሰድዎ መርገጺ ኢዩ፡ ኣብ ኤርትራ ስርዓት ምቕያር ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ኣይኮነን ዝብል ኢዩ። ስሞምን መንነቶምን መርገጺኦምን ብዘየደናገር፡ ብዘይተንኮል፡ ብዘየናሹ መንገዲ እዚኣ ኢያ መርገጺየይ ክብሉና ከለዉ፡ ጭውነትን ደምክራሲያውነትን ኢዩ። ኣይንጸልኦምን ከኣ። መርገጺኦም ግን ንዓይ ኮነ ንካልኦት ኣእላፋት ኤርትራውያን ደስ ዘብል ኣይኮነን።

ንክቡር ኣቶ ኣስመሮም ዝህቦም መልሲ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምስቶም ቃሎም ዘይሰብሩ ጽኑዓት ክቡራን ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ትግራይ(ወያነ ብቋንቋ ህ.ግ.ደ.ፍ.) ጥራይ ኮኔና ኢና ክንድርዕሞን ክሳብታ ናይ መውዳእታ መሕቢኢቱ በዓ ቲ ኣብ ሳሕሉ ኣቲና ክንድብቖን ኘክእል።

ቅድሚ ሕጂ ነጻነት ኤርትራ ብወተህደራዊ ቅዲ ስትራተጂ ይኹን ብግሎባዊ ዲፕሎማሲያዊ መዳይ ብሳላ ወያነ ተረኺባ እንተብልኩ ዝረትዕ ሓቂ ዘረባ ኢዩ። (ኤርትራውያን ድማ ከምኡ ብጅግንነትን ብጽንዓትን ተዋጊኦም ኢዮም።)

1- ኣብ 1990 - 1991 ዓ.ም. እቶም ጀጋኑ ወይን ብዘደንቅ ወተሃደራዊ ቅልጣፈን ቅዲ ስትራተጅን መላእ ክፍለ ሃገራት፡ ትግራይ፡ ደሴ፡ በጌምድር፡ ጎጃም ሓራ ኣውጺኦም ንኣዲስ ኣበባ ብናህሪ እንተዘ ይውንጨፉ፡ ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ካብ ማንም መሬታዊ ነከእ ወተሃደራዊ ጽቕጥታትን ኣሉታዊ ስክፍታትትን ነጻ ኮይኑ ኻልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ደርጊ ደርዒሙ ንኣስመራ ክሕርራ ዕድል ኣይምረኸበን። (ነዚ ሓሶት ኢሉ ዝብደሃኒ ሰብ እንተልዩ መርሓባ መጎትትካ ኣቕረበለይ ይብሎ)።

2- ኣብ ግሎባዊ ዲፕሎማሲያዊ መዳይ'ውን እቲ ሓድሽ ዝተተኽለ መንግስቲ ናይ ኢትዮጵያ(ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ) ንኤርትራ ረፈረንዱም ከተካይድ እንተዘየፍቅድን ንሕብራት መንግስታት ዓለም እንተዘይ ሓትትን ኤርትራ ኣብ ግሎብና ዝተረጋገጸት ነጻ ሃገር ኣይመቐመትን ኔራ። ብውጽኢት ረፈረንዱም ከኣ ኤርትራ ነጻ ምስ ተኣወጀት ቀዳመይቲ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝፈለጠት ሃገር ኢትዮጵያ ኮነት። (ነዚ ሓሶት ኢሉ ዝብደሃኒ ዘሎ ሰብ የለን)።

**ሕጂ'ውን ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ተረኺባ ወይ ተሳኢና ካብ ሓይሊ ወያነ ጥራይ ኢዩ። ቀለዓ-ዓለማዊ ዘረባ ምብዛሕ ቁም-ነገር የብሉን። ይኣኽለና የእሪጉና ኢዩ። ንስርዓት ኢሳያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ሕጂ ዘሎ ተቓዋሚ ኣካልቱ ወይ ሓይሊ ሱዳን ወይከኣ ክእመት ዝኽእል ውዲት ኣሜሪካ ከውድቖ ኢዩ ኣለ ዝተኣማመነሉ ነገር ይለን። እቲ እንኮ ሓይሊ ከወድቖ ዝኽእል፡ እቶም ቅድሚ ሕጂ ጽቡቕ ጌሮም ዘባህረርዎ ጅጋኑ ወይን ጥራይ ኢዮም። ንሕና እቶም ዘይቀለዓለማውያን ከኣ ወያናይ ነዚ ዕላማ እንተተላዒሉ፡ ምስ ወያነ ኮይኑ ክንድርዕሞ ምኽንና ብዘየወላውል ንነግረኩም። ኢሳያስ ከምገለ ብሂወቱ ኣብ ኢድና እንተወዲቑ፡ ከኣ ኣሲርና ኢና ንዓደብሉ ዲፖርት ንገብሮ።**

**ንሕና ኤርትራውያን ወልቀ-ሰባት ኮነ ተቓውሞን መሪሕነታትናን ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩዎ መሰረታዊ ፍልሰ-ሓሳብ ኣጸጺኢና ክንመራመረሉን ትኽክለኛ ንዓና ዘወጻጽኣና መርገጺ ክንወስድን ይጥለብ። ነቲ ዝጥለብ ዘሎ እንኮ ዘተኣማምን ሓይሊ ጅግና ወይን ኣብ ጎድንና ምስራዕን፡ ንሕና ኣብ ጎድኑ ንስራዓሉን ኣመታት ኣናዲና ተበግሶ ክንወስድ ወይ ንዝወሰዱ ድሩር፡ ደገፋት ክንገብረሎም ይጥለብ።**

**ነዞም ክልተ ኣናብስ ዲ.ሲ. ከኣ ነቲ "ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ምስ ኢትዮጵያ መስሪትካ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምልጋስ ሓላል ኢዩ" ዝተሰየመ እዋናዊ ሓርነታዊ ተበግሶኦም ምስኦም ደድሕሪኦም ክንስዕቦምን ኣብ ጎድኖም ደው ክንብልን ይጥለብ።**

**እዚ ሽርጢጦም ኮሊያሞ ዘለዉ ታሪኻዊ ሽግ ዝያዳ ባርዕ ከምዝህልዎ ናይ ምግባሩ ስራሕ ናይ ኩልና ተቓለስቲ ሓላፍነት ኢዩ። ብቕጽበት ቅሩብነትና ከነረጋግጸሎምን ንያታውን ፊንናንስያውን ደገፍት ክንገብረሎምን ድማ ይጥለብ።**

**ኩሉኹም ኣብ መላእ ዓለም ትርከቡ፡ ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮነ ኣብ ኪዳን ዘለኹም መሰረታትን መሪሕነታትን ከኣ ብዘይ ውዓል ሕደር ቅሩብነትኩም ከተመስክሩ እዳሃየኩም ኣለኹ።**

**ረዘነን ቢንያምን ከኣ እቲ ኣብ ኤሪትሪያና ዘሎ ገጽኩምን ደሃይኩምን ኣይፈለየና።**

**ጠለብ ቢንያምን ረዘነን ሓላል ኢዩ !**
**ዓወት ንጅግና ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ !**
**ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ !**
**ወጊድ ንጨቋኒ ስርዓት ኢሳያስ !**

**ሃይለ መንገሻ**
APRIL 16, 2006